# “እቲ ዝመጽእሲ፣ ንስኻ ዲኻ፣ ወይ ካልእ ክንጽበ ኢና?”

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ *“ብክርስቶስ ዘሎኹም ኩላትኩም ሰላም ይሃሉኹም። ኣሜን”* (1ጴጥ 5:14)።

እንሆ ሎምዘመን እውን፣ ብኃይሊ ኣምላኽ፣ በዓላት ልደተ-ጥምቀት ኣብ እነብዕለሉ መዓልታት በጺሕና። ልደት ኢየሱስ ንኣና ተራ ታሪኻዊ ዝኽሪ ዘይኮነስ ምስቲ ክበጽሓና ዝመጽ መድኃኒና ምርኻብ ማለት እዩ። እንተ ዘይተጠንቂቕና ግና፣ ልማድ ኃያል ክምዝበሃል፣ ዓመት መጽአ ብቐሊሉ ናይ ልማድ ጉዳይ ጥራይ ኮይኑ ክሓልፍ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ከኣ መንፈሳዊ መኽሰብ ዘይብሉ ጊዚያውን ሥጋውን ሓጉስ ጥራይ ኣስተማቒርና ንተርፍ፣ *“ንዓመታ ዝእዋን ብሰላም የጽንሓና”*! ተበሃሂልና ብጽቡቕ ትምኒት ከኣ ንዛዘሞ። እቲ ዝተወልደ ሕጻን ኣብ ልብና፣ ኣብ ስድራና ዝኾነ ለውጢ ከየምጽአ ይሓልፍ። ትርጉም እዚ ዓቢይ በዓል ልደተ-ጥምቀት ኣብ ሕይወትና እናሃሰሰ ክኸይድ ይኽእል። እዚ ከኣ ዛሕሊ እምነትን ምጥርጣርን ዘስዕብ ከይኮነ ኣይተርፍን።

እቲ እግዚኣብሔር ንመድኃኔ ዓለም መንገዲ ክጸርገሉ ዝሓረዮ ዓቢይ ነቢይ ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ብዛዕባ ስብከትን ስራሕን እቲ ኩሎም ብተስፋ ዝጽበዩዎ ዝነበሩ ቅቡእ (መሲሕ) ኣምላኽ ምስ ሰምዐ ቀሩብ ክጠራጠር ጀሚሩ። መጠራጠሪኡ ከኣ እቲ ብዛዕባ ስራሕ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝሰምዖ ዝነበረ ነገራት ምስቲ ንሱ ዝነበሮ መለክዒታት ወይ ምልክታት ምጽኣት መሲሕ ዘይቃዶ ኮይኑ ስለዝረኸቦ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ሽሕ እኳ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንተነበረ፣ ንምርግጋጽ ኢሉ ካብ ተመሃርቱ ክልተ ልኢኹ ንኢየሱስ ክሓቶ ወሰነ። *“እንሆ ዮሓንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከሎ ብዛዕባ ግብርታት ክርስቶስ ምስ ሰምዐ፣ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ክልተ ልኢኹ፣ ‘እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ፣ ወይ ድማ እንጽበዮ ካልእ ኣሎ?’* (ማቴ 11”2) ዝብል ሕቶ ንኢየሱስ ከቕርቡሉ እሞ መልሲ ከምጽኡሉ ለኣኾም። ምጥርጣር፣ ምሕታት ጌጋ ኣይኮነን። ዝኣምን ሰብ እዩ ዝሓትት፣ ዝኣምን ሰብ እዩ ምስ ኣምላኹ ዝቋየቑ! ከም ዳዊት መዝሙር፣ *“ጐይታየ! ተበራበር እባ፣ ንምንታይከ ትድቅስ? ኣረ ንቓሕ! ንሓዋሩ ኣይትደርብየና! ንምንታይከ ካባና እትኀብእ? ንመከራናን ጸበባናን ኣይትረስዓዮ”* (መዝ 44:23) እናበለ ዝሓትትን ዝጽልን እምነት ዘለዎ ሰብ ጥራይ እዩ።

ገና ከይተኣሰረ ከሎ ቅዱስ ዮሓንስ፣ ብዙኅ ምጥርጣር ኣየርኣየን። ንኣብነት ዮሓንስ መጥምቕ *“ንኢየሱስ ናብኡ ክመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ፣ ‘እንሆ ኃጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ’”*(ዮሓ1:29) ኢሉ ተረኺቡ። እዚ ከኣ ኣብቲ ጊዜ እቲ ኢየሱስ እቲ ሕዝቢ እስራኤል ዝጽበዩዎ ዝነበሩ መሲሕ ወይ ቅቡእ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ተረጋጊጹ እዩ እምነቱ ዝገለጸ። ኣብዚ ክበጽሕ ግን ብርሃን ኣምላኽ ስለዝረኸበ እምበር ባዕሉ ከምዘይፈለጦ ንምግላጽ፣ *“እቲ ብማይ ከጠምቕ ዝለኣኸኒ ደኣ ‘እቲ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብኡ ክቕመጥ ከሎ እትርእዮ። ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዘጠምቕ’ ኢሉኒ እምበር፣ ኣነስ ኣይፈለጥክዎን። ኣነ ከኣ ረኣኹ፣ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ከኣ መሰከርኩ”* (ዮሓ 1:33-34) እናበለ ብቅንዕናን ብትሕትናን ክእመን ንረኽቦ ። ሕይወት ዘለዎ እምነት እምበኣር መዓልቲ መጸ ዝኹስኮስን ዝምጉብን ዝዓብን መንፈሳዊ ኃይሊ እዩ። ሓደ ጊዜ ተቐቢልካዮ ንኹሉ ጊዜ ዝቕመጥ ኣቕሓ ኮይኑ ክረኣየና የብሉን። እምነት ክውሰኽ ይኽእል ክጎድል እውን ይኽእል እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ፣ እቲ ዝመጽእ መሲሕ፣ ከምቲ ኢሳይያስ ነቢይ ተነቢዩዎ ዝነበረ ንኹሉ ሓጉስን ሰላምን፣ ሓርነትን ራህዋን ከምጽእ ምዃኑ እዩ ዝፈልጥ። *“ሕጻን ተወሊዱልና፣ ወዲ ተዋሂቡና እዩ፣ ንሱ ከኣ ገዛኢና ኪኸውን እዩ። ንሱ ግሩም መኻሪ፣ ብርቱዕ ኣምላኽ፣ ዘለዓለማዊ ኣቦ፣ መስፍን ሰላም ተባሂሉ ክጸዋዕ እዩ። ግዝኣት መንግሥቱ እናዓበየ ክኸይድ እዩ፣ ብዘመን መንግሥቱ ድማ ኩሉ ጊዜ ሰላም ክኸውን እዩ። ኣብ ዙፋን ንጉሥ ዳዊት ኮይኑ ኪገዝእ እዩ። ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብሓቅን ብፍትሕን ኪገዝእ እዩ። እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ነዚ ኪገብሮ መደቡ ኣሎ”* (ኢሳ 9:6-7) ዝብል ትንቢት ኢሳይያስ ነቢይ ዝፈጠሮ ትጽቢት ብፖለቲካዊ ወይ ማኅበራዊ ዓይኒ ዝርእዩዎ ነቢሮም እዮም።

*ብዛዕባ መንነትን ዕቤትን ዮሓንስ መጥምቕስ፣ “እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት፣ ‘እንሆ ኣነ ልኡኸይ እልእኽ ኣሎኹ፣ ንሱ ቀቅድመይ መገዲ ክጸርግ እዩ። ብሉ-ብሉ ከኣ እቲ እትደልዩዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ክመጽእ እዩ፣ እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ኪዳነይ ከበሥር እንሆ ይመጽእ ኣሎ’ ይብል ኣሎ”* (ሚል 3:1) ዝብል ትንቢትዶ ኣይተነግረን እዩ? ዮሓንስ መጥምቕ ከኣ፣ ንባዕሉ ክርስቶስ ከምዘይኮነ ድሕሪ መስከሩ፣ ንተዎም ሓቀይና መንነቱ ክፍልጥዎ ኣጥቢቖም ዝሓተትዎ ከኣ፣ *“ኣነስ ከምቲ ነቢይ ኢሳይያስ ዝበሎ፣‘መገዲ እግዚኣብሔር ኣቕንዑ’ እናበለ ኣብ ምድረ በዳ ዝእውጅ (ዝጭድር) ድምጺ እየ”* (ዮሓ 1:23) እናበለ መለሰሎም። ስለዚ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብቲ ጊዜ እቲ ብዛዕባ መንነቱን ብዛዕባ መንነት ክርስቶስን ዝኾነ ዓይነት ጥርጣረ ከምዘይነበሮ ንርኢ። ነርድእቱ እውን *“ንኢየሱስ ክሓልፍ ከሎ ረኣዮ እሞ፣ ‘እንሆ ገንሸል ኣምላኽ”* እናበለ ምስ ክርስቶስ ዘላለዮም ንሱ ባዕሉ እዩ። ደቀ መዛሙርቱ ከኣ፣ *“እዚ ክብል ከሎ ሰሚዖም ንኢየሱስ ሰዓቡዎ”* (ዮሓ 1:36-37)። *በቲ ካልእ ወገን፣ ዮሓንስ መጥምቕ ኢየሱስ መጺኡ ነቲ ነቢያት ኣቐዲሞም ዝገለጹዎ ስራሑ ቃል ንቃሉ ክፍጽሞ ይጽበ ከምዝነበረ እዩ ዘረድኣና። ንኣብነት ኢሳይያስ ነቢይ፣“ነተን ዝሰነፋ ኣእዳውኩም ኣበርትዕወን፣ ነተን ወለል ዝበላ ኣብራኽኩም ድማ ኣደልድሉወን። ነቶም ፈራህ ዝልቦም፣ ኣጆኹም ኣይትፍርሁ፣ እንሆ ኣምላኽኩም ሕነ ኪፈዲ፣ ንጸላእትኹም ክቕጽዕ፣ ባዕሉ ክድኅነኩም ኪመጽእ እዩ” በሉዎም”* (ኢሳ 35:3-4)ይብል። ቀጺሉ’ውን *“እግዚኣብሔር ኣምላኽ መንፈሱ መልኣኒ፣ ንድኻታት ብሥራት ከበሥር ቀብኣኒ። ንስቡራት ልቢ ክዝንን፣ ንምሩኻት ሓርነት፣ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ”* (ኢሳ 61:1) ኢሉ ከሎ መሲሕ ምስ መጽአ ቃል ንቃሉ ከምዝፍጽሞ እዩ ዘረድእ። እቲ ምፍዳይ ሕነ፣ እቲ ንጸላእቲ ምቕጻዕ፣ ንፈርሃት ኣጆኹም ምባል፣ ፍትሕን ሰላምን ምንጋሥ ደኣ ኣበይ ኣሎ? ዝብል ሕቶ ኣብ ቅዱስ ዮሓንስ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝበዝሐ ሕዝቢ እስራኤል ዝነበረ ስምዒት ከምዝኾነ ኣየጠራጥርን። እዚ እዩ ከኣ ንቅዱስ ዮሓንስ ነዚ፣ *‘እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ፣ ወይ ድማ እንጽበዮ ካልእ ኣሎ?’*(ማቴ 11:2) ዝብል ዓቢይ ሕቶ ክሓትት ዝደረኾ።

እቲ ኩሉ ብዛዕባ መሲሕ ዝተባህለን፣ እቲ ኩሉ ኣብኡ ዝተነብረ ትጽቢትን ዝፍጸም ዘሎ ኣይመስልን ኣብ ምባል እውን በጺሑ ክኸውን ይኽእል እዩ። ፍትሕን ሰላምን ከምዘምጽእ፣ *“ወይከውን ሰላመ በመዋዕሊሁ” (ዘካ 9:9 ረአ)* ተባሂሉስ፣ ገና ጽኑዕ መግዛእቲ ሮማውያን፣ ጭካነ ሄሮድስ ንጉሥ፣ ኮታ ስቓይ ሕዝቢ እስራኤል ኣብ ቦትኡ እዩ ዝነበረ። ቀጻሊ ጥሜትን ሕማምን ድንቍርናን እውን ነቲ

ሕዝቢ ከየጥቅያ ኣይተረፈን። ዝገደደ ከኣ ዮሓንስ መጥምቕ ንሓቅን ንፍትሕን ስለዝተጣበቐ፣ ሄሮድስ ንጉሥ ኣብ ማእሰርቲ ሓይሩ ክቐትሎ ይዳሎ ነበረ። ስለዚ ዮሓንስ ነዚ ሕቶ እዚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ መዓልቲ ሞቱ እናተጸበየ እዩ ዝሓተቶ። እቲ ዝነበሮ ዓቢይ እምነት ተዳኺሙ ኣብ ምጥርጣር እውን ተረኺቡ ይመስል። እቲ ዝነበሮ ርግጽነትን ጽኑዕ እምነትን ኣብ ፈተና ከምዝኣተወ፣ እሞ "ተጋግየዶ ደኣ ኮይነ? እምበኣር ካብ ተመሃርተይ ልኢኸ ክሓቶ ኣሎኒ፣ ከምዚ ኢለ እናተጠራጠርኩ ክቕጽል ኣይክእልን እየ" ብምባል እዩ ልኡኻት ናብ ኢየሱስ ዝሰደደ። እቲ ባዕሉ ኢየሱስ እውን "ካብ ኣንስቲ ዝተወልዱ ዘበሉ ካብ ዮሓንስ መጥምቕ ዝዓቢ ሓደ እኳ ከምዘይተንሥአ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ" (ማቴ 11:11) እናበለ ዝመስከረሉ ናይ መድኃኔ ዓለም "ጸያሔ ፍኖት" ወይ ጸራግ መንገዲ፣ ኣብ ምጥርጣርን፣ ልኡኻት ኣብ ምልኣኽን፣ እንተተረኽበ ከገርመና የብሉን።

መልሲ ኢየሱስ እውን ንቅዱስ ዮሓንስ ከየገረሞ ኣይተረፈን ክንብል ንኽእል። ንሕቶ ዮሓንስ ብቀጥታ ክንድዝምልስ ኢየሱስ፣ "ኪዱኩም ነዚ እትሰምዕዎን እትርእዩዎን ዘሎኹም ኩሉ ንገሩዎ። ዕዉራት ይርእዩ፣ ሓንካሳት ይኸዱ፣ ለምጻማት ይነጽሑ፣ ጸማማት ይሰምዑ፣ ሙታን ይትንሥኡ፣ ድኻታት ወንጌል ይብሠሩ ኣለዉ። ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብፁዕ እዩ" (ማቴ 11:4-6) እናበለ እዩ ዝመለሰሉ። ስለምንታይ?። ብርግጽ ኢየሱስ ንዮሓንስ ኣብ እምነቱ ተሰፍኡን ከደልድሎ ስለዝደለየ ክኸውን ይኽእል። "እወ እቲ ክመጽእ ትጽበዮ ዝነበርካ ኣነ እየ" ዝብል ሓጺር መልሲ ክህቦ ኣይደለየን። ነቲ ብዛዕባ ምጽኣት መሲሕ፣ "ሽዑ ዕዉራት ኪርእዩ፣ ጸማማት ድማ ኪሰምዑ እዮም። ሓንካስ ከም ኢራብ ክሰራሰር፣ ዓባስ ከኣ ዕልል ክብል እዩ። ማያት ኣብ በረኻ፣ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድረ በዳ ኪፍልፍል እዩ" (ኢሳ 35:5-6) እናበሉ ነቢያት ዘቃልሑዎ ምልክታትን ተግባራትን ጭቡጥ መረጋገጺ ምጽኣቱ ከምዝኾነ ክዘክሮ ኢሉ እዩ። ምእንት'ዚ ከኣ እዩ "ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብፁዕ እዩ" ዝበለ። ናብ ዕብራውያን ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ከምዝብሎ፣ "እምነት ነቲ ብተስፋ እንጽበዮ ነገር ከም እንረኽቦ ዘረጋግጽ፣ ነቲ ዘይርአ ነገር ከኣ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ" (ዕብ 11:1)። ብተስፋ ዝምገብ እምነት ምርካብ ግን ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩ ወንጌል እውን፣ "ወዲ ሰብ ምስ መጸ፣ እምበርዶ ኣብ ምድሪ እምነት ክረክብ እዩ?" (ሉቃ 18:8) ዝብል ዓቢይ ሕቶ ዝሓተና። ኣብዚ ምድሪ እናነበርና ብዙሕ ዓመጽ፣ ብዙሕ ብልሽውና፣ ብዙሕ ሓሶትን ተንኮልን ክንርኢ ከሎና እምነትና ኣብ ፈተና ትኣቱ። ሽዑ ንሕናውን ከም ቅዱስ ዮሓንስ ክንጠራጠርን ንጅምር።

ንሕና ግን፣ ዝሕተት ሓቲትና ከነጸሪ፣ ኣብ እምነትና ክንጸንዕ፣ ዘጠራጥር እንተገጠመና ከኣ ክንሓትት እምበር እምነትና ክትድንዘዝ ወይ ክትመውት ሰቕ ኢልና ክንርእያ ኣይግባእን። ሎምውን ብርግጽ ዘሎናዮ ጽንኩር ኩነታት ናብራና ክብርትዓና፣ ዘጋጥመና ጸገማት ንምጽኣትን ህላዌን ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ኣብ ሕቶ ዘእቱ ክኸውን "እቲ ክመጽእ ዘለዎ ንስኻ ዲኻ ወይ ካልእ ክንጸበ ኢና"? ዝብል ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ከኣ ርዱእ እዩ፣ ትረፍ ንኣና ንዮሓንስ መጥምቕ እኳ ዘጋጠሞ!። እንተኾነ ሎሚ ዝርአ ዘሎ ዝዓበየ ፈተና ምጥርጣር ወይ ምግራም ዘይኮነ ግዲ ኣልቦነት፣ ንኹሉ "ጸገም የለን፣ ኢጋጣሚ እዩ!" እናበልካ ብሸለልትነት ምርኣይ እዩ። እዚ ከኣ እዩ ንነሊናና ዘዕውሮ፣ ሓቅን ሓሶትን፣ ጽቡቕን ሕማቕን ኣብ ምፍላይ ከኣ የጸግመና። መልእኽቲ ዕብራውያን "ንቶም ብእምነትን ብትዕግሥትን ነታ ተሰፋ ዝወርሱዋ ምእንቲ ክትመስሉዎም እምበር ሃኪያት ክትኮኑ ኣይንደልን ኢና"(ዕብ 6:12) እናበለ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ትጉሃት ተቓለስቲ ክንከውን ይዕድመና። እታ ኣብ መዓልቲ ጥምቀትና ዝተዘርአት ዘርኢ እምነት፣ ክትኩስኮስን፣ ክትፈርን እንተኮይና፣ መዓልቲ መጸ ከምቶም ሓዋርያት፣"እምነት ወስኸና" (ሉቃ 17:5)እናበልና ንጉይታ ክንልምኖ ይግባእ። ሓድሓደ ጊዜ ከኣ"ኣኣምን እየ፣ ግና ጉድለት እምነተይ ክርሕቀለይ ደግፈኒ"(ማር 9:24) ክንብሎ እውን የድሊ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝብሎ፣ "እዚ ሰብነት እዚ ለቢስና ክሳዕ ዘሎና ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና ንፈልጥ ኢና፣ ስለዚ ኩሉ ሳዕ ትብዓት ኣሎና። ምኽንያቱ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይኮንናን እንነብር ዘሎና" (2ቆሮ 5:6-7)። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ "እቲ ክሳዕ መወዳእታ ዝዕገስ ግና ንሱ ኪድኅን እዩ" (ማቴ 24:13) ክብል ከሎ እምነት ንዝተወሰነ ጊዜ ዘይኮነ ክሳዕ ጊዜ ሞትና እናዓበየት ክትከይድ ከምዘለዋ እሞ ኣብ መጨረስታ ድማ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምእንወርስ ትገብረና ማለት እዩ። ቀጺሉ ኢየሱስ፣ "ኣብ ዓለም ጸበባ ኣሎኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም፣ ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ" (ዮሓ 16:33)እናበለ የተባብዓና። ኩሉ ክቡር ነገር፣ ዋጋ ይኽፈሎ እዩ። እምነትና ከኣ እታ ዝኸበረት ህያብ ኣምላኽ ስለዝኾነት ዋጋ ክንከፍለላ ናይ ግድን እዩ። ክንዕወት ድማ "ናብቲ ኀፍረት ዘበለ ንዒቑ፣ ምእንቲ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ ኣብ መስቀል ሙማት ዝተዓገሠ፣ ኣብ የማን ኣምላኽ ዝተቐመጠ፣ ናይ እምነትና ጀማርን ፈጻምን ዝኾነ ኢየሱስ ንጠምት" (ዕብ 12:2)። ከመይ ንሱ ጥራይ እዩ መራሒናን መድኃኒናን።

መልእኽቲ ይሁዳ፣ "ንስኻትኩም ግና፣ ኣቱም ፍቁራተይ፣ በታ ካብ ኩሉ ዝተቐደሰት እምነትኩም፣ ንርእስኹም እናሓነጽኩም ብመንፈስ ቅዱስ ጸልዩ" (ይሁ፣20)ይብለና። ንፈተና፣ ንምጥርጣር፣ ንዓለም እትስዕራ እምነት እያ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መልእኽቱ፣ "እቲ ኢየሱስ መሲሕ (ቅቡእ) ከም ዝኾነ ዝኣምን ዘበለ ኩሉ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ እዩ" (1ዮሓ 5:1)ይብል። ነፍስ ወከፍና እምበኣር ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኮይንና፣ "እዚ ሕጂ ብሥጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ በቲ ዘፍቀረኒ፣ ምእንታይ ከኣ ንርእሱ በጃ ዝሃበ ወዲ ኣምላኽ ብምእማን እየ ዝነብሮ ዘሎኹ"(ገላ 2:20)ይበል። ኣብ ምድራዊ ሕይወትና ንክርስቶስ ምምሳል ማለት ከኣ እዚ እዩ። እምበኣር ነቲ፣ መልእኽቲ ዕብራውያን ደጊሙ፣ "ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ከስምርዎ ኣይከኣልን እዩ፣ እቲ ናብ ኣምላኽ ዚመጽእ ኩሉ፣ ኣምላኽ ከም ዘሎ፣ ንቶም ዘናድዩዎ ከኣ ዓስቢ ከም ዝህቦም ክኣምን ይግባእ" (ዕብ 11:6) ዝብሎ ብምስትውዓል ክንቕበል ኣድላይ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ኤፈሶን፣ "ኣብ ርእሲ እዚ ኩሉ ከኣ ነቲ ናይቲ ክፉእ ሃልሃል ዝብል ፍላጻታት ኩሉ ክተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ"(ኤፌ 6:16) ከምዝበሎም ንኣናውን ሎሚ ይደግመልና ኣሎ። ቅዱስ ጴጥሮስ ብወገኑ፣ ነቶም ኣብ ውሽጥኹም ኮይኖም ኮነ፣ ብግዳም ዝፍትንኹም ኃይልታት፣ "ኣብ እምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ፣ ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ኣኀዋትኩምውን እዚ መከራ እዚ ይበጽሖም ከምዘሎ ትፈልጡ ኢኹም" (1ጴጥ 5:9) ይብል። ደጊሙ ቅዱስ ጳውሎስ፣ "ንቕሑ፣ ኣብ እምነትኩም ጽንዑ፣ ሰብኡት ኩኑ፣ በርትዑ፣ ኩሉ ግብርኹም ብፍቕሪ ግበሩዎ" (1ቆሮ 16:13) ከምዝበለ፣ ንሕናውን ንጐይታ፣ ዝርኢ ዓይኒ፣ ዝሰምዕ እዝኒ ዘስተውዕል ልቢ ክህበና እናለመንና፣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትናን ስራሕናን፣ ምልክታት ምጽኣት መድኃኒ ከነለሊ ዓይኒ ልቦናና ኩብርሀልና ንለምኖ። "ኣብ መኣዲ ምስኦም ምስ ተቐመጠ ድማ እንጌራ ኣልዒሉ፣ ባረኾ፣ ቆሪሱ ሃቦም። ሽዑ ዓይኒ ልቦናኦም ተኸፈተ እሞ ኣለለይዎ" (ሉቃ 24:30-31)። ንኩልና ቡሩኽ በዓላት ልደትን ጥምቀትን ይግበረልና።

+ አቡነ መንግሥተአብ ተስፋማርያም

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

መጥሮጶሊሳዊ ሊቀጳጳሳት ዘበኣሥመራ